# ጽምብል ዮሃና ብምኽንያት ምልዓል ዘይሕጋዊ እገዳ

# ኣብ ከተማ ከለን

ብዕለት 17.11. 2018 ኣብ ከተማ ከለን ኣባላት ማሕበረኮም ፤ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን፤ ሃገራዊት ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ከተማ ከለንን ግዱሳት ኤርትራውያንን ብብዝሒ መንእሰያት ተሳተፍዎን ተራኺቦም ነቲ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሰላም ስምምዕን ከምኡ ውን ንቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ 2009 ን 2011ብዓሎቕ ተበይኑልና ዝጸንሐ ዘይሕጋዊን ዘይምኽኑይን እገዳ ብዕለት 14.11.2015 ብምሉእ ድምጺ ባይቶ ጸጥታ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ጨሪሱን ንሓዋሩን ብምልዓሉን ሓቢሮም ሓጎሶም ገለጹ።

እቲ ንዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ከርተት ዝበለሉ በትሪ ሓቂ ትቕጥን እምበር ከምዚ ብሃል ናትና ሓቂ ካብቲ ተቐቢራትሉ ዝነበረት እንሆ ደበኽ ኢላ ብምውጽኣ፡ ዓወት ቃልስን ተጻዋርነትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምዃኒ እዩ። መደብ ብዝኸረ ሰማእታት ብድሕሪ ምጅማር፡ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለንን ኣቦ መ/ር ህግደፍ ጉጅለ ከለንን ኣቶ መንግስተኣብ ኣርኣያ ኣብ መግለጺኡ ብዓሎቕ ዝተወጠነ እገዳ ኣብቂዑ ስለምንታይ እገዳ ዝብል ንታሪኽ ገዲፍና ሕቡራት ሃገራት ሕግን መሰልን ሃገራት ብሓደ ዕይኒ ክርኢ ክነሱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብታሕሳስ 1950 ናይ ፈደረሽን ብይን ወሲኑ። ኣብ 2009 ከምኡ ውን 2011 እገዳ ኣጽኒዑ። ድሕሪ 68 ዓመታት ከኣ እገዳ ተላዒሉ። ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝብና ኸኣ ዓቕልን ጽንዓት ስለ ዝወነነ እገዳ ተላዒሉን ንሓዋሩብ ተቦንቆሰ። እዚ ብርሃንን ሰላምን ተረኺቡ ዘሎ ብምርዳእ ሕጂ ውን መኸተ ንኣዎንታዊ ምዕብለ ከም ንስርሕ ናይ ንፍሰወከፍ ዜጋ ሓላፍነት እዩ። ዕድመ ነቲ ዘይሕለልን ዘይጸዓድን መንግስቲን ህዝብን ኤርትራ ዓወት ንሓፋሽ game over ንፈሸፋሽ ክብል መደሬኡ ዛዘመ።

ኣስዒባ ው/ሮ ደሃብ ኢያሱ ኣደ መንበር ሃማደኤን ዋና ጸሓፊት ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን ካብ ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ተሰደ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ንተሳፍቲ ኣብ ዘቕረበቶ ፡ ነዚ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኤርትራውነት ንምምብርኻኽን ንምስዓርን ብውሽጥን ብደገን ክግብሩ ዝጸንሑ ሽርሕታትን ተንኮላትን ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሓያልን ዘይጸዓድን ቃልስን መኸተን ስዒሩ፥ - ነቲ ሓያል ውዳቤታቱ፣ሓያል ቃልሱን፣ ነቲ ብጸሓይን ብቑርን ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ናይ ኣውሮጳ ዝገዓረሉን ዝደኸመሉን ዕላማ እንሆ ብወርሒ ሓምለ ዝጀተመረ ሎሚ ዕለት 14.11.2018 ድማ ብዓወት ዛዚሙ ወጺኡ እዩ እሞ ፡ ፍረ ጻዕሩ ።. ጸሓዩ በሪቓ ኢያ እሞ ዮሃና! ዮሃና! ብሕጂ ንዝመጽእ ንቁጠባዊ ሓርነት ክንስዕርን ክንወሃሃድን ከይንዛነይን ድማ በዚ ኣጋጣሚ ነተሓሳስብ ዝብል እዩ ኔሩ።

ዋና ጸሓፊ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ ሰለሙን ኣሕፈሮም ናይ ዮሃና ጽቡቕ ትሚኑቱ ብድሕሪ ምግላጽ፡ መንእሰያት ናይዚ ዘሕብን ቃልስን ዓወትን ክቡራንን ክቡራትን ሓርበኛታት ወለዲ ወረሲቲን ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ኣብቲ ጽምብል ዮሃና ተረኺቦም ዘለዉ ሰብ ዓቢ ተስፋን ተረከብቲ ሕድርን ስለ ዝኾኑ እዮም ንክቕጽልዎ ድማ ምትብባዕን ኣብነት ኮይና ክንመሓም ሓላፍነትና እዩ ክብል ኣስመረሉ።

ተሳተፍቲ ጽምብል ዮሃና ብምዉቕ ሃገራዊ ወኒን ስምዒትን ሓያል ሃገራዊ መንፈስ ብምዝንጋዕን ዉዕዉዕን መሳጢን ባህላዊ ሃገራዊን ዘመናዊ ሙዚቃን ሳዕስዒትን ንሕጓስን ናይ ዮሃና ሕብስቲ ናጽነትን celebration cake) ሙቅራጽን ምትኳስ ሻምፓኝን ብምስታፎም ንኹሉ ተስታፊ ጽምብል ዓቢ ባህታ ሂቡ። ኣብ መደምደምታ ተኻፈልቲ ብዓል ከም ወትሩ ብውህደትን ስኒትን ፍቕርን ብምድፍናቕን ብምፍልላይ ፡ ወግዓዊ መደብ ጽምብል ዮሃና ብምኽንያት ህሉው ኩነታት ሃገር ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብረን ንሰማእታና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!
ሃገራዊ ሽማግለ ከለንን ከባቢኣን